# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ቅኑዕ ኣገባብ ክንክን ኣስናን

ሽኮራዊ መግዝብታት ኣብ ጥዕና ብሓፈሻ ኣብ ኣስናን ድማ ብፍላይ ዘስዕቦ ጉድኣት ከቢድ እዩ።

ግርጻንም ብቐሊሉ ዝደምዩ ሰባት፡ ሽኮራዊ መግቢ ዘውትሩ ምስዝኾኑ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ንምብህሳስን ንምብልሻውን ኣስናን ዝተቓልዑ እዮም። ምድማይ ግርጻን ብሕጽረት ዝተመጣጠነ መግቢ ዝስዕብ ምኽንያት ይኸውን።

ዋሕዲ ቫይታሚናትን ማዕድናትን ኣስናን ብቐሊሉ ክበላሸዉ ዝዛበር ረቛሒ እዩ። ግርጻን ዝተረረን ዘይደምን ንክኾኑ ብፍላይ ቫይታሚን 'ሲ' ምውሳድ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ማዕድን ካልሲየም ኣስናን ክዘርር ዝዛበር እዩ፡ ላዕለዋይ ቀጸላ ሲ. (enamel) ድማ ብቐሊሉ ንኸይብሕከግ ይሕግዝ።

ከም ጸምቖ ለሚን ዝኣመሰለ መጸጽ ማስተ ብዙሕ ምውሳድ ንምብሕጓጉ ላዕለዋይ ቀጸላ ሲ. ከቃልዕ ይኽእል እዩ። ቫይታሚን 'ሲ' ንጥዕና ኣስናን ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ ምስ ዝበዝሕ ግና ንቐጸላ ሲ. ክዛይ ይኽእል።

እቲ ካልእ ንጥዕና ሲ. ኣገዳሲ ረቛሒ ብቕዑዕ ኣገባብ ብጽበቕ ከም ዝጸረ ምግባር እዩ።

ብጽበቕ ኣስናን ምጽራይ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ጥዕና ኣስናንን ግርጻንን ዘሎ ጥቕሚ፡ ብሕዱር ሕማም ንኸይንጥቃዕ ከም ዝሕግዘና ኣይንዝንግዖ።

መብዛሕትና ኣስናንና ኣብ ምጽራይ ብዙሕ ድኽመታት እዩ ዘለና። ኣብ እዋናዊ እዋንውን ንኽተሎ ኣገባብ ማዕረ ክንደይ ቅኑዕ ምዃኑ ንፈልጥ ውሑዳት ኢና።

ኣብ ብሪጣንያ፡ ዩኒቨርሲቲ በርሚንግሃም እትርከብ ጆሰፊን ሂርሸፊልድ ዝተባሃለት ሓኪም ስኒ፡ "ንጽሬት ኣስናን ዝምልከት ካብ ሓኪም ሲ. ግቡእ መምርሒ ዘይረኸበ ሰብ፡ ቅኑዕ ኣገባብ ኣጸራርያ ኣይክተልን እዩ" ትብል።

እቲ ቅኑዕ ኣገባብ ኣየናይ እዩ?

ዝኾነ ሰብ ኣስናኑ ዝምውጽ ኣብ ኣስናኑ ተቐርቂሩ ዝዘርፍ መግቢ ንምውጻእ ጥራይ ገይሩ እዩ ዝሓስብ። "ኣፍና ከጽሪን ኣስናንና ክንምውጽን ዘለና ግና፡ ኣብ ኣፍና/ኣስናንና ተኣኪቦም ንዝርከቡ ባክተርያ ንምውጻእ/ንምእላይ እዩ ክኸውን ዘለዎ" ትብል ሂርሸፊልድ።

ባክተርያ ኣብ ኣፍና ምስ ዝኣብዩ ማጠቕለሊ ዝበሃል ረቂቕ ሽፋን ማለት 'ባዮፊልም' (biofilm) የቖሙ። እዚ ምስ ግዜ ምስ ኣስናንና ዝጣበቕ ረቂቕ ግን ከኣ ድልዱል ቀጸላ ይፈጥር፡ እዚ ቀጸላ'ዚ መሕብኢ ዝተፈላለዩ ባክተርያን ካልኦት ደቀቕቲ ታህዋስያንን እዩ ዝኸውን።

እቲ ቀጸላ/ደርዒ ኣስታት 700 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ባክተርያ ክሓብእ ይኽእል፡ ብቐሊሉ ክጸሪ ወይ ክእለ ከምዘይክእል እያ ሂርሸፊልድ ተረድእ።

'ባዮፊልም' ንኣስናንና ምስ ግርጻንና ኣብ ዝራኸበሉ ስፍራ እዩ ዝቕመጥ። ኣብዚ ቦታ እዚ ተኣኪቦም ዝጸንሑ ደቀቕቲ ታህዋስያን ናብ ግርጻን ሰሊኾም ብምእታው፡ ነድርን ሕማም ግርጻንን የስዕቡ።

ስለዚ፡ ኣፍና/ኣስናንና ክጸሪ ኣብ እንብለሉ እዋን ቀዳምነት ክንህቦ ዝግብኦና ጉዳይ ኣስናንና ከም ዘይኮነ እያ ሂርሸፊልድ ትዛረብ። "ፈለማ ኣስናንና ዘይኮኑስ ግርጻንና ኢና ክንጸሪ ዘለና። ድሕሪኡ ኣስናንና ብዘይጸገም ክጸሪ ይኽእል እዩ" ትብል ሂርሸፊልድ።

### እዚ ንምግባር ክንክተሎ ዘለና መገዲ ኣየናይ እዩ?

ሓደ ካብቲ ንባዮፊልም ንምጽራይ ዝሕግዝ ውጽኢታዊ መገዲ፡ ንኣስናን ቀርቂርም ንዝርከቡ ማስመራት ናይ ግርጻን ብውሕሉል ኣገባብ ክጸሪ ምኽኣል እዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ ግርጻንና ጉድኣት ከይስዕብ ኣዝዩ ጥንቃቐ ይሓትት እዩ።

ነቲ ንግርጻንና ምስ ኣስናንና ዝራኸበሉ ማስመር ክጸሪ እንተኾንና፡ ንጥቀመሉ ብራሽ ኣብ ከንዲ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ሰንና ኣትርኡ ብ45 ዲግሪ ከቕንዖ ከም ዘለና እያ ሂርሸፊልድ ትገልጽ።



እቲ ንጥቀመሉ ብራሽ ንክለሉ ፈኪሱ ንግርጻን ዘይጎድእ ክኸውን ኣለዎ። ብኢድና ኣብ ልዕሊ'ቲ ብራሽ ንዝገብሮ ጸቕጢ'ውን ካብ 150 ክሳብ 400 ግራም እምበር፡ ልዕሊኡ ጸቕጢ ዘፈጥር ክኸውን የብሉን።

### እዚ ኣገባብ ክንደይ ግዜ ነግዝብሮ?

ኣብ ሓደ እዋን እንተ ውሓደ ንኽልተ ደቒቕ ዝኣክል፡ ኣብ መዓልቲ ክልተ ሳዕ ኣስናንናን ነቲ ምስ ግርጻንና ዝራኸቦ ማስመርን ክጸርየ ከም ዘዮኦና ክኢላታት ሕክምና ሲ. ይሕብሩ።

ቅድሚ መግቢዶ ድሕሪ መግቢ?

ቅድሚ ቁርሲ ኣስናንና ምሕጻብ ዝሓሸ ከምዝኾነ እዩ ዝንገር። እዚ ግን ክስዕ ሕጂ ዘካትዕ ዘሎ ጉዳይ እዩ።

ገለ ክኢላታት ሕክምና ስኒ፡ ድሕሪ ቁርሲ ኣስናን ምሕጻብ፡ ነቲ 'ባዮፊልም' ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ ቁርሲ ኣብ ኣስናንና ንዝዘርፍ መግቢ ኣብ ምጽራይ'ውን ሓጋዚ ምኻኑ እዮም ዝሕብሩ።

"ብዘይ ባክተሪያ ወይ ብዘይ ተረፍ መግቢ ምምሽማሽ ኣስናን ኣይፍጠርን እዩ" ትብል ሂርሸፊልድ። "ቅድሚ ቍርሲ ነቶም ባክተርያ ኣጸቢቕና እንተጸሪናዮም ክንደይ ሽኮር ከም ዝበላዕና ኣየገድስን እዩ። ኩቡቶም ዝኽእሉ ባክተርያ እንተ ዘይልዮም ክፍጠር ዝኽእል ጉድኣት ትሑት እዩ።"

ካብ ንዝሆ ንላዕሊ፡ ዝያዳ ተመራጺ ቅድሚ ምድቃስና ኣስናንና ክጽሪ ምኽኣል እዩ። ቅድሚ ምድቃስና ወትሩ ናይ መወዳእታ ንዝበሮ ነገር ኣስናንና ምጽራይ እዩ ክኸውን ዘለዎ።

### ጥዕና ኣስናንና ንጥዕና መላእ ኣካላትና

ከም ኩሉ ካልእ ክፍሊ ሰብነትና፡ ኣፍና ብባክተርያ ይመልእ እዩ። መብዛሕትኦም እቶም ባክተርያውን ጉዳእቲ እዮም። ኣፍና መእተዊ መግቢን እስትንፋስን ብምኳኑ ድማ እቶም ባክተርያ ናብ ወሽጢ ሰብነትና ብምእታው ኣብ ሓፈሻዊ ጥዕናና ጉድኣት ከውርዱ ይኽእሉ።

=> 'ኢንዶካርዲቲስ' (Endocarditis)፦ እዚ ካብ ኣፍና ዝመጸ ባክተርያ ንቕምብቆታት ደም ብምውራር ኣብ ልዕሊ ልቢ ጉድኣት ከውርድ እንከሎ ዝፍጠር ጥዕናዊ ጸገም እዩ።

=> ጸገማት ኣብ ጥንሲን ሕርሲን (Pregnancy and birth complications)፦ ግቡእ ጽሬትን ክንክንን ኣፍን ኣስናንን ዘይተኽተለ ኾሱሉ፡ ትሑት ክብደት ወይ መዓልቱ ዘይኣኸለ ህጻን ክትወልድ ዘለዋ ተኽእሎ ዝለዓለ ምኽንያት ይኸውን።

=> ኒሞንያ (Pneumonia)፦ ኣብ ኣፍና ዝፈርዩ ገለ ካብቶም ዓይነት ባክተርያ፡ ምስ እስትንፋስ ተሳሒቦም ናብ ሳንቡእና ብምእታው ኒሞንያን ካልእ ናይ እስትንፋስ ጸገማትን ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም።

=> ሕማም ሽኮር፦ ሕማም ሽኮር ሰብነትና ረኽሲ ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ብምጉዳሉ፡ ግርጻንና ንዝኸፍኣ መጉዳእቲ ተቓላዒ ይገብሮ። ረኽሲ ግርጻን ዝያዳ ኣብ ልዕሊ ግዳያት ሽኮር ብዙሕ ከም ዝርአ መጽናዕትታት የመልክታ።

=> ምህማን ዓጽሚ (Osteoporosis)፦ እዚ ጸገም'ዚ ትሑት ጽሬት ኣፍን ኣስናንን ኣብ ዘኽተሉ ሰባት ዝያዳ ከም ዝርአ ይንገር።

ጥዕና ኣስናንና ንምሕላው ዘኽእሉ መንገድታት

* ኣስናንና ቅድሚ ምሕጻብና ናብ ዓራት ዘይምድያብ

ክኢላታት ሲ. ከም ዝመኽርዎ፡ ኣብ መዓልቲ እንተውሓደ ክልተ ሳዕ ኣስናንና ክንሕጽብ ይግባእ። መብዛሕትና ዝ. ምኽሪ'ዚ ዕሽሽ ብምባል ኣብ ክንክን ኣስናን ተገዳስነት ክንጎድል ንርአ ኢና። ቅድሚ ናብ ዓራት ምድያብና ኣስናንና ብዘየገድስ ምስ እንምውጾ ኣብ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ኣስናንና ዝተኣከቡ ታህዋስያን (germs) ንምርባሕ ዝሕግዝ ተረፍ መግቢ ንምእላይ የኽእለና።

ብጽበቕ ኣስናንና ክንምውጽ ምኽኣል

ኣስናንና ንምምዋጽ ንኽተሎ ኣገባብ ወይ መንገዲ ኣብ ጽሬትን ክንክንን ኣስናን ኣገዳሲ እዩ። ድኹም ኣገባብ ኣማውጻ ኣስናን ልክዕ ኣስናን ከም ዘይምምዋጽ እዩ ዝቖጸር። ኣስናንና ክንምውጽ እንከለና እኹል ግዜ ክንህቦ ይግባእ። ኩሉ ክፍሊ ኣስናንና ብዘየገድስ ክንሓጽቦ የድሊ። ኣስናንና ብጽበቕ ምስ ዘይንምውጾ ንምብህሳስን ምምሽማሽን ኣስናን ከም ዘቃልዖ ክስተብሃል ይግባእ።

### መልሓስና ምጽራይ ዘይምርሳዕ

ንኣስናንና ዝለኽዩ ታህዋስያን ኣብ መልሓስና ተኣኪቦም ክጸንሑ ይኽእሉ እዮም። እዞም ታህዋስያን እዚኦም ሕማቕ ጨና ኣፍ ካብ ምፍጣር ሓሊፎም፡ ካልእ ጥዕናዊ ጸገማት ናይ ኣፍ ከስዕቡልና ይኽእሉ እዮም። ኣስናንና ኣብ እንጸርየሉ እዋን መልሓስና ብጽበቕ ክንሓጽብ ከም ዘለና ይምከር።

### እንጥቀመሉ መሕጸቢ ሲ. (ክሬማት) ዝተመርጸ ምዃን

መሕጸቢ ሲ. ኣብ እትመርጸሉ እዋን ዘለዋ ብቕዓትን ትሕዝቶን ከተስተብህሎ ኣገዳሲ እዩ። ዝኾነ ዓይነት ይኹን ናይ 'ፍሎራይድ' (fluoride) ትሕዝቶ ዘለዎ ክኸውን ይምረጽ። 'ፍሎራይድ' ካብ ምምሽማሽ ኣስናን ዝከላኸል ኣየሃላዊ ወህደት እዩ።

ብለጽ 'ብራሽ' ወይ መወጽ ምጥቃም

እንጥቀመሉ ዓይነት 'ብራሽ' ኣብ ዓይነቱ ብለጽ ክኸውን ይግባእ። ምኽንያቱ፡ እቲ 'ብራሽ' ወይ መወጽ ኣብ ኣስናንና ተቐርቂሩ ንዝዘርፍ መግቢ ንምውጻእ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣስናንና ንምጽራይ ብቑዕ ክኸውን ይግባእ። እቲ ብራሽ ተረርን ዓጸቕን ምስ ዝኸውን ንቐጸላታት ኣስናን ክጎድኦ ከም ዝኽእል ዘይምዝንጋዕ።

ምግጽጻጽን ምሕጻብን ኣፍ ዘይምርሳዕ

ምግጽጻጽ ወይ ምሕጻብ ኣፍ መዓልታዊ ክንገብሮ ካብ ዝግብኦና ኣገባብ ክንክን ኣስናን እዩ። ብተደጋጋሚ ኣፍና ብፍላይ ድማ ድሕሪ ዝኾነ ዓይነት መግቢ ምውሳድና ምስ እንገጽግጽ እንሓጽብ፦

* ኣብ ኣፍና ክህሉ ዝኽእል ኣሲድ ክስድል ይሕግዝና። ኣብ ኣፍና ዝህሉ ኣሲድ ታህዋስያን ብቐሊሉ ንኸይራብሑ ይሕግዝ፡ ኣፍና ሕማቕ ጨና ከምዝሀብል ድማ ይገብር።

* ኣብ ኣፍና ዝተርፍ መግቢ ብኡ-ንኡ ስለ ዝጸሪ፡ ኣስናንና ብብራሽ ኣብ እንምውጸሉ እዋን ብቐሊሉ ክጸሪ ይሕግዘና።

* ካብ ምብህሳስ ኣስናን ድማ የድሕነና።

ኣስናናም ምምዋጽ ዘይክእሉ ህጻናትን ሽማግለታትን ምግጽጻጽን ምሕጻብን ኣፍ እቲ ካልእ ኣማራጺ ክንክን ኣስናን ምኻኑ ክኢላታት ይገልጹ።

ኣብዚ ኣፍና ብኸመይ ኣገባብ ክንሓጽብን ንመሕጸቢ እንታይ ዓይነት ክሚካል ክንጥቀምን ከም ዘለና ምስ ሓኪይም ምምኽኻር ከም ዘድሊ ኣይንዘንግዖ።

### ብዙሕ ማይ ምስታይ

ማይ ምስታይ ንሓፈሻዊ ጥዕናና ኣገዳሲ ምኻኑ ብክኢላታት ብተደጋጋሚ እዩ ዝግለጽ። ብዙሕ ማይ ምስታይ ንጥዕና ሰንናን ኣፍናን ኣገዳሲ ምኻኑ'ውን ክንዝንግዖ የብልናን። ድሕሪ ምምጋብና ማይ ምስታይ፡ ካብቲ መግቢ ኣብ ኣፍና ክተርፍ ዝኽእል ኣሲድን ካልእ ትርፍራፍን ክጽርገልና ይኽእል እዩ።

### ደረቕ ፍሩታታትን ኣሕምልትን ምምጋብ

ደረቕ ፍሩታታትን ኣሕምልትን ልዑል ትሕዝቶ ጽሕጊ ስለ ዘለዎም ንጥዕና ኣስናንና ኣገዳሲ ምኻኖም እዩ ዝንገር። ከም ቱፋሕን ካሮትን ብቖጻሊ ምሕያኽ ኣስናንና ኣብ ምጽራይ ኣገዳሲ እዮም።

ኣሲድን ሽኮርን ትሕዝቶ ዘለዎም መግዝብታት ካብ ምውሳድ ምቑጣብ

ሽኮራዊ መግዝብታት ኣብ ኣስናንና ምስ ዝተርፉ ናብ ኣሲድ እዮም ዝቕየሩ። ኣሲድ ድማ ንላዕለዋይ ቀጸላ ሲ. (enamel) ናይ ምብሕጓጉ ዓቕሚ ኣለዎ። ኣሲዳዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ፍሩታታት፡ ሻሂን ቡንን ን'ኢናመል' ጎዳእቲ እዮም። ስለዚ፡ ድሕሪ ሻሂ ወይ ቡን ምስታይና ኣፍና ክንገጽግጽ ይግባእ።

### ኣብ ዓመት ክልተ ሳዕ ናብ ሓኪም ሲ. ብምኻድ ክንምርመር ይግባእ

መዓልታዊ ንገብሮ ልምድታት ንጥዕና ኣስናንና ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ፡ ክንክን ኣስናንናን ኣፍናን ንምሕላው፡ ዋላ ብዘይብ'ቲ ንጥቀመሉ ብራሽን መወጽን ንምምኽኻር ናብ ክኢላታት ክኸይድ ከም ዘለና ክንዘንግዖ የብልናን። ብውሕዱ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ናብ ሓኪም ሲ. ብምኻድ ብዛዕባ ጥዕና ኣፍና መርመራ ክንገብር ይግባኣና።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ህንጥዩነት ንምምሃዝን ምስናዕን፡ ከም ሃገራዊ ክብሪ!

ክብሪ ዝብል ኣምር ቃል ብቓሉ ክንትርጉሞ ከለና፡ ንመንነትን እንታይነትን ናይ ሓደ ነገር ዝገልጽ ኣምር ምዃኑ ክንርድኦ ይከኣል እዩ። ሃገራዊ ክብሪ ክንብል ከለና ድማ ናይ ሓንቲ ሃገር ልእላዊ ናጽነታን እንታይነታን ንምህናጽን ንምዕቃብን እትጥቀመሉ መስርሕ እዩ ክንብሎ'ውን ይከኣል እዩ። ብሓፈሻ ክብሪ ንደረጃ ኣተሓሳስባን ፍልስፍናን ሃገራት ዝጸሉን ዝገልጽን ኣምር እዩ ተብልና ዝያዳ ዝገልጾ ይመስለኒ።

ዝተፈላለያ ሃገራት ነናተን ናተይ ዝብልኦ ሃገራዊ ክብርታት ኣለወን። እዚ ሃገራዊ ክብረን ብብዙሕ ጻዕርን ብዙሕ ዋጋን ዝተሃንጸ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ድማ ዝዓበየ እዩ። ሃገራዊ ክብሪ ናይ ሃገራት ኣብ ርእሲ`ቲ ክህልዎ ዝኽእል ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ፍሉይነት ናይ ሃገራት ዝገልጽን ስእሊ ዝህብን ብምዃኑ ብዝተፈላለዩ ኣካላት ዝያዳ ስእሊ ዝወሃቦ ኣምር እዩ።

ሃገራት ንሃገራዊ ክብረን ብዝለዓለን ብዝበለጸን ክከላኸላሉን ክስወኣሉን ክረኣያ ባህርያዊ እዩ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ሃገራዊ ክብረን ብቐጥታ ምስ ሃገራዊ ህላውነት ዝተኣሳሰር ስለ ዝኾነ'ዩ። መብዛሕትኦም እቶም ንሓንቲ ሃገር ክወሩ ዝሓስቡ ኣካላት ድማ ነዚ ሃገራዊ ክብሪ ናይታ ሃገር እዮም ከጥቅዑ ዝፍትኑ። ምኽንያቱ ሃገራዊ ክብሪ ናይ ሓንቲ ሃገር ምትንካፍ ማለት ንህላውነታ ኣብ ምልክት ሕቶ ምእታው ማለት ስለ ዝኾነ።

ሓደ ከም ሃገራዊ ክብሪ ዝሕሰብ ስነ-ሓሳብ ይኹን ኣምር ኣብ መጀመርያ ከም ተራ ነገር ክብገስ ይከኣል እዩ። ብውልቀ ሰባት እዉን ይጅመር እዩ። ድሓር ምስ ግዜ ኣገዳስነቱ እና ዓዘዘ ብዝኸደ ግና ብሃገር ደረጃ ዝጥመትን ዝስርሓሉን ክኸውን ይኽእል። ሓደ ከም ሃገራዊ ክብሪ ክርአ ዝጸንሐ ኣምር ምስ ግዜ ኣገዳስነቱ ክዓዝዝን ክደክምን ባህርያዊ እዩ። እዚ ማለት ድማ እቲ ኣቐዲሙ ዝተሰረተ ሃገራዊ ክብሪ ንዝተወሰነ እዋን ዘገልግል ስነ-ሓሳብ ክኸውን ስለዝኽእል።

ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ነናተን ናተይ ዝብልኦ ሃገራዊ ክብርታት ነይርወን እዩ፡ ሕጂ ተኾነ እውን ኣለወን። ከም ኣብነት ሃገረ እስራኤል እንተወሲድና ብዘይካ እቲ ምስ ሃይማኖት ዝተኣሳሰር ሃገራዊ ክብርታቶም ኣብ ቴክኖሎጂ ዘለዎም ኣጠማምታን ዝገብርዎ ወፍርን ከም ሃገራዊ ክብሪ ከም ዝጥምትዎ ንምርድኡ ኣየጸግምን እዩ። ካልኦት ከም በዓል ቻይና፡ ሩስያ ኣምሪካን ካልኦትን ዘለዎም ሃገራዊ ክብርታት'ውን ክንጠቅስ ይከኣል እዩ። እዘን ዝጠቐስክወን ሓያላን ሃገራት እቲ ከም ሃገራዊ ክብርታተን ዝጥምትኦ ስነ-ሓሳብ ካብቶም ሓያላት ንኽኾና ዘብቅዐን ዓበይቲ ነጥብታት ብቐዳማይ ደረጃ ዝጥቀስ ምዃኑ ከነስተብህል ይግባእ።

ሃገራት ከም ሃገራዊ ክብሪ ዝጥምትኦ ኣምር ኣዕናዊ ክኸውን'ውን ተኽእሎ ኣለዎ። ንኣብነት ስርዓት ናዚ ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝተኸተሎ ስነ-ሓሳብ ማለት ዝነበሮ ናይ ሃገራዊ ክብሪ(ብዘይካ ንሕና ካልእ ጽሩይ ዓሌት የለን ብዝብል መርገጺ ኣብ ልዕሊ ናይ ኣይሁድ ዓሌት ዝነበሮም ዜጋታት ዝተኸተልዎ ኣዕናዊ መርገጺ ከም ኣብነት ክንወስድ ይከኣል እዩ።) መርገጺ ኣዝዩ ኣዕናውን ብጸሊም ነጥቢ ዝጥቀስን እዩ።

ኤርትራ ከም ሃገርከ እንታይ ዓይነት ሃገራዊ ክብሪ እዩ ዘለዋ፧ ኣዝያ ኣገዳሲትን ከባድን ሕቶ እያ። ከም ውልቀ ተዓዛቢ ነዛ ሕቶ ክርእያ ከለኹ፡ ኤርትራ ከም ሃገር ብዙሕ ሃገራዊ ክብርታት እትውንን ሃገር ኮይና እያ ትስመዓኒ። ካብ ሰውራዊ ክብርታት ዝጀመረ ድሓር ናብ ሃገራዊ ክብርታት ዝማዕበለ ኣዝዩ ብዙሕ ክብርታት ዘለና ሃገር ኢና። ከም ኣብነት እቲ ሓያል ናይ ምቅላስ መንፈስናን ሃገራዊ ሓድነትናን ከም ሃገራዊ ክብርታትና ክርአ ዝከኣል ኮይኑ ይስመዓኒ።

ግና እዞም ዝጠቐስናዮም ክብርታት እኹላት`ዶ ይኾኑ፧ ብፍላይ ኣብዚ ዘለናዮ 21 ክፍለ ዘመን። ኣብዚ ዘለናዮ ክፍለ ዘመን ተራ ቴክኖሎጂ ኣብ ዕቤት ሃገራት ኣዝዩ ወሳኒ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ ዓውዲ እዩ። ብፍላይ ኣብተን ምዕቡላት ሃገራት ብዘይ ቴክኖሎጂ ህላውነተን ኣብ ምልክት ሕቶ ዝኣትወሉ ዘሎ እዋን እዩ፡ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ እዚ እዋን'ዚ። ንሕና ከም ሃገርከ ነዚ ንገለ ሃገራት ህላውነተን ኣብ ምልክት ሕቶ ክሳብ ዘእትዋ ዝገብረን ዘሎ ኣምር ብኸመይ ኢና ንርእዮ። ከም ሃገራዊ ክብርና ርኢና ክንሰርሓሉ ግዚኡ`ዶ ኣይኮነን።

እዚ ሕቶ`ዚ ብዝተፈላለዩ ኣካላት ዝተፈላለየ መልሲ ክወሃቦ ይኽእል እዩ። ብናተይ መረዳእታ ግና እቲ እዋን ሕጅን ወዓል ሕደር ዘየድልዮ ጉዳይን ምዃኑ እየ ዝኣምን። ኣብዚ እዋን`ዚ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣገዳስነት ምህዞን ስንዓን ብዕምቀት ተረዲአን እጅግአን ሰብሲበን ይሰርሓሉ ኣለዋ። ከም ሃገራዊ ክብረን ካብ ምርኣይ ሓሊፈን ገዚፍ ድጎማን ወፍርን የካይዳሉ ኣለዋ። ብተወሳኺ'ውን ሃገራዊ ፖሊሳተን'ውን ንምህዞን ስንዓን ብዘጐልብትን ብዘዐንብብን መንገዲ እና ኣመሓየሽአ ይኸዳ ኣለዋ። ናይቲ ዝገብርኦ ልዑል ወፍርን ተወፋይነትን ድማ ኣዝዩ ዓቢ ውጽኢት ይረኽባሉ ኣለዋ።

ኣብዚ ከም ኣብነት ብዙሓት ሃገራት ክንጠቅስ ይከኣል እዩ። ኣሜሪካን ሩስያን ዘለወን ፖለቲካዊ ጽልዋ ትም ኢልካ ዝመጸ ኣይኮነን። ብኸቢድ ዋጋ ዝመጸን ኣብ እንግድዓ ምህዞን ስንዓን ተሓንጊሩ ዝመጸን እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ነቲ በይናዊ ስርዓት ክትብድህ ትርአ ዘላ ሃገረ ቻይና'ውን ክንጠቅስ ይከኣል እዩ። ቻይና ኣብ ምህዞን ስንዓን ዘለዋ እምነት ምስ ረኣኻ ሓይሊ እዚ ዓውዲ`ዚ ብቐሊሉ ክትግንዘብ ኣየጸግምን። ነዚ ዓውዲ`ዚ መትኒ ምዕባሌኣ ብምግባር ድማ እያ ነተን ደርማስ ቁጠባን ዕቤትን ዘለወን ሃገራት ክትብድህ ትርአ ዘላ።

ኣብ ሃገረ እስራኤል 10% ካብ ህዝባ ኣብ ምስ ምህዞን ስንዓን ዝተኣሳሰር ስርሓት ይሰርሕ። ልዕሊ 11.3% ጃምላዊ እቶት እስራኤል'ውን ካብ መሸጣ ምህዞን ስንዓን ዝርከብ እዩ። እዚ ብዘይካ እቲ እትረኽቦ ፖለቲካዊ ጽልዋ እዩ። እስራኤል ነዚ ዓይነት መኽሰባት ብቐሊል ኣይትጥምቶን እያ። ዓመታዊ ክሳብ 4.5% ካብ ጃምላዊ እቶታ ኣብዚ ዓውዲ እዚ እያ እተውፍሮ።

ብሓፈሻ ክርአ ከሎ፡ ምህዞን ስንዓን ብዘይካ እቲ ዝፈጥሮ ፖለቲካዊ ጽልዋ ኣብ ቁጠባዊ ዕቤት ሓንቲ ሃገር ዝጻወቶ ተራ ቀሊል ኣይኮነን። ብተወሳኺ'ውን ንዜጋታት ብዝፈጥረሎም ናይ ስራሕ ዕድላት ኣብ ዜጋታት ዘምጽኦ ምርግጋእ እውን ዝነዓቕ ኣይኮነን። ኣብዚ ናይ እስራኤል ኣብነት ክንወስድ ይከኣል እዩ። 10% ካብ ብዝሒ ህዝቢ እስራኤል ኣብዚ ዓውዲ`ዚ ምስ ዝተኣሳሰሩ ነገራት ይሰርሕ እንተኢልናስ ሓደ ካብ ዓሰርተ ሰባት ኣብዚ ዓውዲ`ዚ ብምስራሕ ናብርኡ ይመርሕ ኢና ንብል ዘለና ማለት እዩ።

ኣብ ግዜ ሰውራ ዝነበረ ወኒ ናይ ምምሃዝን ምስናዕን ኣብ ዝተፈላለዩና ኣገጣሚታት ካብቶም ኣብቲ እዋን ዝተሳተፉ ተጋደልቲ ሰሚዐ ኣለኹ። ህዝባዊ ግንባር'ውን ንኣገዳስነት እዚ ዓውዲ`ዚ ብምርዳእ ዝተፈላለዩ ቀረባት ብምምላእ ንቕድሚት ከም ዝስጉም ይገብሮ ነይሩ። ኣብ ግዚኡ ድማ መልሲ ናይ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ኮይኑ እዩ። ኣብ ገስጋስን ዓወትን ብረታዊ ቃልሲ ድማ ዘይነዓቕ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ። እሞ`ኸ ድኣ ኣብ በረኻ ምስ ኩሉ ብድሆታትና ኣብዚ ዓውዲ`ዚ ዘርኣናዮ ገስጋስ፡ ሕጂ ስለምንታይ ኢና ክንደግሞ ንጽገም ዘለና፧ ብፍላይ ድማ ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ኣገዳስነት ምህዞን ስንዓን እናተረደኣናን ብዘይ ብኡ ክንስጉም ከም ዘይንኽእል እና ተረዳእናን፧

ብናተይ መረዳእታ እዚ ሕቶ እዋናውን ኣገዳስን ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ። ወዓል ሕደር ዘየድልዮ ኣምር ድማ እዩ። እዚ ዓውዲ`ዚ ዓምቢቡ ከም ሃገራዊ ክብሪ ተራእዩ ኣብ ቁጠባዊ ዕቤት ሃገርና ዓቢ ኣበርክቶ መታን ክገብር ኩላትና ነናትና ኣበርክቶ ንግበር። ዋላ ንእሽቶይ ተበግሶ ትኹን ምስ ናይ ካልእ ሰብ ተሓዊሳ ኣብቲ ዓቢ ሃገራዊ ስእሊ ክህልዋ ዝኽእል ተራ ቀሊል ኣይኮነን። ዕቤት ብናይ ብዙሕ ተሳትፎ ስለ ዝረጋገጽ ኩላትና ነንእሽቶይ ኣበርክቶ ንግበር።

ሚኪኤል በርሀ (ወዲ በርሀ)



ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

## ስጡም ውህደት

ሱራፌል ተ.

ሓደ ዕሉል ሰራቒ ካብ ቤት ማሕቡስ ኣምለጠ። ካብ ቤት ማእሰርቲ ኣምሊጡ ኣብ ሓደ ዕሙር ኣተወ። ኣብቲ ጫካ እናጕየየ እንከሎ ዘይሓሰቦ፡ ሓደ ገረብ ዝቖርጽ ዝነበረ ሰብኣይ ውትፍ በሎ። እዚ ቖራጺ ዕንጸይቲ ሰብኣይ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ፡ ገረብ እናቖረጸን እናለሓጸን ህይወቱ ክመርሕ ዝጸንሐ ብምዃኑ፡ ፋስ ጽቡቕ ገይሩ ዝጥቀመሉን ዝመልኮን መሳርሒኡ ነበረ።

እቲ ሰራቒ ዘፍርሕ ከም ዘይብሉ ንኑብሱ እናኣእመና ምስቲ ብዓል ፋስ ተጠማመተ። እቲ ቖራጺ ዕንጸይቲ ገጽ እቲ ዕሉል ሰራቒ ምስ ረኣየ ከለልዮ ኣይተጸገመን። "ቀቲሉ ርእሱ ንመንግስቲ እንተ ኣረኪበዮ፡ ብርኩት ግንያ ክረክብ እየ፣ ኣብዚ ጫካ ተመሊሰ ኣይክሰርሕን'የ፡" ኢሉ ሓሰበ። እቲ ሰራቒ ግን ስምዒታት ሰባት ናይ ምምባብ ዓቕሚ ነበሮ'ሞ፡ እቲ ቖራጺ ዕንጸይቲ እንታይ ይሓስብ ከም ዘሎ ክፈልጦ ከኣለ።

"ንኽትቀትለኒ ክትፍትን ትሓስብ ኣለኻ፡" ድማ በሎ።

እቲ ብዓል ፋስ፡ "ከመይ ኢሉ ኣእምሮይ ኣንቢቡዎ?" ብምባል እናተገረመ ገረብ ምቕራጽ ቀጸለ።

"ብዛዕባ ምቕታለይ ምሕሳብ ገዲፍካዮ፣ ምኽንያቱ ኣእምሮኻ ከንብቦ ዝኽእል ምዃነይ ፈሊጥካ ኣለኻ፡" በለ እቲ ሰራቒ።

እቲ ብዓል ፋስ ነቲ ሰራቒ ካብ ሓሳቡ ኣውጺኡ ብዛዕባ ገረቡን ፋሱን ጥራይ ኣተኩረ። እቲ ሰራቒ ድማ ክስሕቕ ጀመረ። እቲ ብዓል ፋስ ሃንደበት ነታ ፋስ ወርወራ'ሞ ርእሲ እቲ ሰራቒ ተርተረት። እቲ ሰራቒ "ኣእምሮኻ ከንብቦ ኣይከኣልኩን?" ንምባል ጥራይ ዕምሪ ነበሮ። ምኽንያቱ እቲ ቖራጺ ገረብ ንነዊሕ ዓመታት ገረብ እናቖረጸ'ዩ ኣሕሊፉዎ። ኣእምሮኡ፡ ኣካሉን ፋሱን ስጡም ውህደት ኣጥሪዩ ነበረ። በቲ ጕፍታ ናይታ ሰራቒ ውህደቱ ኣጥፊኡ ነበረ። ነብሱን ፋሱን ናብ ውህደት ምስ መለሰ ግን እንታይ ይገብር ከም ዝነበረ ፈለጠ።

Inspirationalstories.com

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንን ከሳሲት ወ/ሮ መብራት ማሕሙድ ዓሊን ተኸሳሲት ወረ/ፍ/ራት ስዑዲ ኣብበከር ጃብራን ዘሎ ናይ ገዛ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ፡ ኣድራሻኦም ስለዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን2/5/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.4 ይቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪቦም፡ ጉዳዮም ኣብ ዘለወሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሳሙኤል ተስፋይ ዝብረሰማኣቲ ምባል ተሪፉ፡ የሴፍ ተስፋይ ዝብረሰማኣቲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.37 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸጸራት

ከሳሲት ወ/ሮ ናጽነት ዝብረመስቀል ኪዳኑ ተኸሳሲ ኣቶ ብርሃ ስዩም ተኸለ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን4/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ንግስቲ እምባዬ ወልደሚካኤል በዓል-ቤተይ እስቲፋኖስ ግደ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ከሳሲ በረኸት ብርሃ ዝግታ፡ ተኸሳሲት ወ/ት ኣልማዝ መብራህቱ ዝብረኣብ፡ ናይ ገዛ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን2/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ኣቶ ቢንያም ማርዮ ጀባኒ፡ ኣቦይ ማርዮ ጀባኒ ኣብልያኖን ወ/ሮ ንግስቲ ሃብተሚካኤልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ኑራ የሕያ ዓሊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሓምድ ዓብደልቃደር በድሪ፡ ናይ ማኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን2/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ ተኽለሃይማኖት ኣስፍሃ ስብሃቱ፡ ሓፍተይ ኣረጋሽ ኣስፍሃ ስብሃቱን ኣዳሸ ናይብን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሚከኤል ነጋሽ ወልዱ፡ ተኸሳሲ ተስፋሁኝ ሃይለ መስኮት ካሕሳይ፡ ናይ ማኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን2/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ሰምሃር ተኾመ ወልዱ፡ ኣቦይ ተኾመ ወልዱ ሃብተስላሴ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ኣቶ ጀማል መሓመድ ሓሰኑ፡ ሓወይ ኢሳይያስ ተስፋማርያም ኣስገዶም ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1ሓብተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ከሳሲት ወ/ሮ ልዋም ቀሺ በረኸት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኢሳቢ ዝብረእግዚኣብሄር በዓልቲ-ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ን2/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ኣልጋሽ ተኸስተ ተስፋስላሴ፡ በዓልቤተይ ተስፋኣለም ምስየና ኣስፍሃ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ እዞዝርያ ኣብርሃም ኣርኣያዶም፡ ሓፍተይ ጆርጅ ኣብርሃም ኣርኣያዶም ስለዝዓረፈት፡ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለዘይብላ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሕምብርቲ

ትሕቲ ዕድመ ኣዳም ምሕረትኣብ፡ ብሞግዚቱ ወ/ሮ ምሻሹ ወልደኣብ ሃይለ ኣብለ፡ ኣቦይ ምሕረትኣብ ወልደትንሳኤ ጕይትኦም ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ኣሰፋሽ ሃይለ ኪዳን ወ/ሮ ሂወት ሃይለ ኪዳንን ኣቦና ሃይለ ኪዳነ ወልደገብርኤል ስለዝዓረፈ፡ ንሕና 2 ደቆም ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኩዶፈላሲ

ወ/ሮ ክብራ በርህ ዝብረመስቀል፡ በዓል-ቤተይ ተለንተ ኣሕፈሮም ወልደሚካኤል ሕድሩ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ትሕቲ ዕድመ ኣሰንያ ኣብርሃም ኣቦዬ፡ ኣቦይ ኣቶ ኣብርሃም ኣቦዬ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ካብ ገዛ ምስ ወጸ ደዩ ስለዘይብለይ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣረጊት መኽረም

ወ/ሮ ብዕድላ ኣብርሃም ተኸለ፡ ኣቦና ኣብርሃም ተኸለ መንቆርዮስ ስለዝዓረፈ፡ ንሕና 12 ደቁ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገንዘቦ ንኡስ ዞባ ጸሮና

ከሳሲት ወ/ሮ ኣልጋ ዞሚካኤል ገ/ስላሴ፡ ተኸሳሲ ገ/ሂወት ገ/መድህን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን15/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሓውሲ ከተማ ጸሮና

ከሳሲት ወ/ሮ መሓሪት ሃይለ ተኸለ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ክፍለም ካሳ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ን30/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ጋ/ ባርካ - ባረንቱ

ከሳሲ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ፡ ተኸሳሲት ነ/ሄር ሳዕድያ ጀማል ከኒ፡ ብ1,885,065.81 ናቕፋ ዝቐረበ ናይ ትግባረ ውዕል ልቓሕ ክሲ ተመስሪቱላ ስለዘሎ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ 1.ተኸሳሲት ነ/ሄር ሳዕድያ ጀማል ከኒ 2.ኣቶ ዓብደላ መሓመድ ማንታይ፡ ጉዳይ ብ 681,734.67 ናቕፋ ዝቐረበ ናይ ትግባረ ውዕል ልቓሕ ክሲ ተመስሪቱሎም ስለዘሎ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ተሰነይ

ወ/ሮ ሳሊሓ መሓመድ ሳልሕ፡ ስም ኣደይ ኣሚና የሴፍ ሓሰ ምባል ተሪፉ፡ ኣሚና የሱፍ ሐሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ቤት-ጽሕፈት ክራይ ኣባይቲ ተሰነይ፡ ተጸዋዒት መርያም ኣሎንሰ መሓመድ፡ ኣብ ምም/ ከባ.ሽዕብ ዝርከብ ካብ መንበሪ ዝተኻረየቶ ገዛ ከየረከበት ኣድራሽኣ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብወከል ን28/4/23 ትቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪባ፡ ጉዳያ ኣብዘየላትሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኲሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ.. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፧00-12፧00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፧00 – 6፧00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

ኣነ ጴጥሮስ ተወልደ ጉብረልኣል ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ደ/ምብራቕ ጎደና 114 ቁ/ገዛ 38 ፕሎት 53 ፓርሰል ቢ/ክፋል ስፍሓት 250 ት/ሜ ቁ/መዝገብ ንብረት 56331-92965 ናይ ኮ/ኣባይቲ ምስክር ዋንነት 121734 መወከሲ ቑጽሪ 110282 ብስም ሮማ ጉብረልኣል ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ብህያብ ስለዝተወሃበኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤ/ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ጴጥሮስ ተወልደ

ኣመልካቲት ወ/ሮ ኑራ ቃሰም መሓመድሂላል + 4፡ ብወከሎም ኣቶ ዳውድ ኢብራሂም እሶማኤል ኣብሎም፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ን/ዞባ ጊንዳዕ ምም/ ከባ. 02 ስፍሓት 281ት/ሜ ኣብ ቤ/ጽ ኣስመራ መዝገብ ቁ.61665 ጠቕላላ ቁ መዝገብ 101604 መንበሪ ገዛ 4 ክፍሊ ምስ 2ተ ሽቓቕን ሓንቲ ክሽነን ምስ መከዓበያኡ፡ ብስም መሓመድ ኣሕመድ ኣቡሽሪብ ዝተመዝገበ ናብ ስም ወረስቲ ከሰጋገር ስለዝኾነ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተነይሩ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስትራን ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና መተኣማመኒ ደኩመንት ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ኑራ ቃሰም መሓመድሂላል +4

ብወከል ኣቶ ዳውድ ኢብራሂም እሶማኤል

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ፅንጹይትን ሰምባል፡ ኣብ ትሕቲኡ ዝርከብ ቤት ሻሂ ከካርዮ ስለ ዝመደበ ንግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረቲ ከማልኦን ክፈልጦን ዘለዎ ነጥብታት፡

- ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2021 ክሊራንስን መንነት ወረቐትን ከቕርብ ይግባእ፡፡
- ተጫራቲ ብውሑዱ ናይ 3 (ሰለስተ) ዓመታት ተመኩሮ ስራሕ ዘለዎ፡፡
- ተጫራቲ ናይ ዘቕርቦ መጫረቲ ዋጋታት ብሰታራት ዓሺጉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ፅንጹይትን ሰምባል ክፍሊ ንግዲ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት የረክብ፡፡
- ተጫራቲ ንመኽበሪ ጨረታ ናቕፋ 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ቼክ ብሲ.ፒ.ኦ ዝተዳለወ ትሕጃ የትሕዝ፡፡
- ተጫራቲ ሃገራዊ ግቡኣት ዘማልአ (ዝፈጸመ) ወይ ዘይምልከቶ ምዃኑ ካብ ሚ/ሪ ምክልኻል ሰታፍ ምምሕዳር ዝተዋህበ መረጋገጺ ከቕርብ ይግባእ፡፡
- ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣትሒዙ ን10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጸባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10፡00 ቅ.ቐ
- ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዘለዉሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ትካል ይኽፈት፡፡
- ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ፅንጹይትን ሰምባል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተደኣ ረኺቡ፡ ነቲ ጨረታ'ቲ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ፅንጹይትን ሰምባል ኣስመራ፡፡

ኣመልካቲ የናስ ኣካለ ምሕጽንቱ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ኣባሻውል ዝርከብ ስፍሓት መሬት 77.23 ት/ሜ ዝኾነ ቀንዲ ክፍሊ 3 ምስ 1 ተሓጋገዚ ዘጠቓለለ፡ ፕሎት 99R ፓርሰል 1Z Asd 00029023 Asp 00033457 ገዛ ካብ ዘርኣይ ምሕጽንቱ ዝብረሚካኤልን መርሃዊት ሓይለኣብን ዝዓደግኩዎ፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 64110/105291 ብስም ሺያጢ ዝተመዝገበ ተራ ገዛ ዝዓደኩዎ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት/ጽ ኖታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ፡፡

የናስ ኣካለ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ሰለስተ ወርሓዊ ገምጋም ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ ተኻየዱ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ፡ ሰለስተ ወርሓዊ ንጥፈታቱ ዝገምገመ ርክብ ከምኡ'ውን ኣብ ትግባረ ስትራተጂያዊ ወጥን ስራሕ 2023-2026ን ዘተኮረ ዓውደዘተ ካብ 8-9 ሚያዝያ 2023 ኣብ ኣስመራ ኣካይዱ።

ኣብቲ ሓለፍቲ ዞባውያን ኮሚቴታት ኣትለቲክስን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ዝተሳተፉሉ ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ንጥፈታቱ ዝገምገመ ርክብ፡ በቲ ሃገራዊ ፈደረሽን ዝተሰላሰሉ ንጥፈታት ብፕረዚደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ ኣቶ ኤፍሬም ተኽስተ ቀሪቡ። ኣብቲ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ እቲ ፈደረሽን ዝወጠኖም ሃገራውያንን ኣህጉራውያንን ውድድራት በቲ ዝተመደበሉም ከም ዝተሳለጡ፣ እንተኾነ ግን ንዝያዳ ወጽኢትን ዕብየትን እቲ ዓውዲ ሕጂ'ውን ሱታፌን ተወዳዳርነትን ዞባታት ኣብ ውሱናት ተሓጺሩ ብምህላዉ ኣተኩሮ ከም ዘድልዮ ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዓለማዊ ውድድር ጉያ መሮር 2023 ዝተመዝገበ ወጽኢት ካብ ትጽቢት ንታሕቲ ምንባሩ፡ ንመጻኢ ንምምዕባሉን ዝያዳ ወጽኢታዊ ንኽኸውን ባይታ ንምፍጣርን ወህደት ስራሕ ኩሎም ኣብቲ ዓውዲ ዝዋስኡ ኣካላት ክሕይል ከም ዝግባእ በሪሁ።

ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ርክብ፡ ኣብቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ተመርኩሶም ድሕሪ ዘቕረብዎ ዘተ፦

- ዝካየድ ኩሉ ውድድራት መሳለጥያታቱ ኣህጉራዊ ማለትዩ ዘማልእ ንምግባሩ ዝኸደለ ናውቲ ንምምላእን ጻዕርታት ክካየድ፡

- ኣብ ጉዳይ ዕድመ ኣትሌታት ካብ ታሕቲ ንዝፈርዩ ተኣፋቲ ቦታን ዕቤትን ብዘይክልእ ኣገባብ ብዘዕድመኦም ዝሳተፉሉ ባይታ ክፍጠር ዞባታት ተርእን ክጻወታ፡

- ኣብዚ እዋን'ዚ መማዝዚ ኸፍሲ ወሰፍ ኣትሌት ብደረጃ ዓለም ብበዚሔ ዘመዝገቦ ወጽኢት ብምኻኑ፡ ኣትሌታትን ጋንታታትን ጻዕርታተን ከሐይላን ኣብ ውድድር ናይ ሜዳ ተግባራት (Field Events) ዝለ ኣተኩሮ ክግበረ፡

- መወዳደሪ ትራክ ስታድዩም ኣስመራ፡ ንኣትሌታት ኣብ ምምዝጋብ ብሉጽ ሰዓትን ወጽኢትን ኣሉታዊ ጽልዋ የሕድር ስለዘሎ፡ እተን ተረፈን ዘለዋ መወዳደሪ ማስመራት ጸገም ክቐየልሉ፡

- ትሑት ዘሎ ሱታፌ ደቂ-ኣንስትዮ ብቐጻርን ዓይነትን ክዕበ፤ ኣብ ምስግጋር ኣትሌታት ካብን ናብን ዘሎ መስርሓት ምእኩል ኣገባብ ክሕዝ ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታትን ሓሳባትን ቀሪቦም።

እቲ ሃገራዊ ፈደረሽን ብዘይካ'ዚ፡ ቀዳም 8 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪን ሰንበት 9 ሚያዝያ ምሉእ መዓልትን ኣብ ትግባረ ስትራተጂያዊ ወጥን ስራሕ 2023-2026 ዘተኮረ ወከልቲ ዞባታት፡ ኣሰልጠንትን ኣብቲ ዓውዲ ዝዋስኡ ኣካላትን ዝተሳተፉሉ ዓውደ ዘተ እውን ኣካይዱ ነይሩ።

ኣብቲ ዝተኻየደ ዘተ ንሽቶታት፡ ተልእኾን ራእን ፈደረሽን ኣትለቲክስ ኣብ መስርሕ



ትግበረ መደብ ስራሕ ዝረጋጥሙ ብድሆታትን ኣፈታትሕኦምን፡ ንምልላይን ምፍዋስን ድኻምትን ምሕያል እወታዊ ጎንታትን፡ ኣብ ሜላታት ውሕሉል ኣጠቓቕማ ጺጋታትን ምልላይ ቀዳምነታት መደብ ስራሕን ካልእ ንዕበየት'ቲ ዓውዲ ስፖርት ኣብ ዝሕግዙ ኣገደስቲ ኣርእስትታት፣ ብክኢላታት ምሕደራ ምድላው ስትራተጂያዊ ወጥን ዝተመርሐ ንዝመጽእ ኣርባዕተ ዓመት ዝምርሓሉ ወጥን ስራሕ ንምጽዳቕ ዝዓለመ ዓሚቝ ዘተን ሰፊሕ ምይይጥን ተኻይዱ።

## ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ምርጫታት ፈደረሽናት ስፖርት ተኻይዱ

ኮሚሽን ስፖርት ዞባ ደቡብ፡ "ኮም ዝሰረቱ ስፖርት ይዓንብብ" ብዝብል ቴማ፡ ብ6ን 7ን ሚያዝያ ምርጫታት ፈደረሽናት ስፖርት ኣቃኒዑ።

ኣብ ከተማ መንደፈራ - ኣዳራሽ ኩዶ-ሕንባሻ ኣብ ዝተኻየደ መደብ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣብ ዘሰምዖ ቃል፡ ስፖርታዊ ንጥፈታት ዞባ ደቡብ ንምምዕባል ተመሪጾም ዘለዉ ፈደረሽናት፡ ኣብ ከተማታት ከይተሓጽሩ፡ ንርሑቕ ገጠራት ጠመተ ሂቦም ክሰርሑ ጸዊዑ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ኣብርሃም የውሃንስ ድማ፡ ብልጫን ዓወትን ናይ'ቶም ንዝሓለፈ 4 ዓመታት ዘገልገሉ ንምድራዕ፡ ከምኡ'ውን ዝበረ ድኻምት ኣለሊኻ ናብ ረብሓኻ ንምቕያር ብዘይተገላበጦት ክትጥፉ ብምዝኽኻር፡ ምስ ኩሎም መሻርኽቲ ብፍላይ ከኣ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዘለዎም ዝምድና ከደልድሉ ተላቢዑ።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ኑቶም ንኣርባዕተ ዓመታት ዘገልገሉ ናይ ምስጋና ወረቐት ክዕደል ከሎ፡ ሓደስቲ ዝተመርጹ ድማ ቃለማሕላ ፈጺሞም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ ካብ 2011 ክሳብ 2022 ንዝተተግበረ መደብ ዝገምገመሉ ርክብ ብ7 ሚያዝያ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ባህልን ስፖርትን ኣብ 12 ንኡሳን ዞባታት ዝተረኽቡሉ ገምጋም፡ ኣብ ውሽጢ 11 ዓመታት ንዝተሰላሰለ መደብ ዘጠቓለለ ጸብጻብ ቀሪቡ ብዕምቆት ተዘቲዩሉ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣታዊታት ስፖርት ኣብ ምዕባይን ትሕተቅርጺ ስፖርት ኣብ ምውዳድን ዝካየድዎ ንጥፈታት ከም ተመክሮ ብምክፋል፡ ኣብ ሓድሽ መደብ ስራሕ ዘለዎም ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ደቀምሓረ፡ ዓዲ-ኳላ፡ ሰንዓፈን ዓረዛን ንዝተኻየደ ኣበርታዊ ስራሕ ኣተባቢዑ።

## ሻምፕዮን ኮዕሶ መርበብ ይቕጽል

### ፈንቅልን ተስፋን ብሉጽ ተወዳዳርነት ዘርኣያሉ ግጥም

ሻምፕዮን ኮዕሶ መርበብ ካልኣይ ዲቪዥዮን፡ ብሰንበት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ሰለስተ ጸወታታት ኣሰላሲሉ ነይሩ። ፈለማ ጸወታኡን ዘካየዳ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ ደምበ ሰምበልን ሴቲትን እየን ነይረን። ግጥም ናይዘን ጋንታታት ተመጣጣኒ ብቕዓት እኳ እንተነበሮ፡ ሴቲት ግን ንሽሕሶ ኣብ ምምሳስን ምጥቃዕን ዓብላልነታ ክትልሕ እዩ ተረእዩ። ኣብ ፈላመይቲ ክፋል ጸወታ ድማ 25-ብ15 ክትስዕር ክኣለት። ኣብ ዝቐጸለ ካልኣይ ክፋል ጸወታ ጋንታ ደምበ ሰምበል ዝበረን ሃጻፉት ሽፈንን ብምቕራብ ሓያል መጥቃዕቲ ከውሕዛ ከኣለ፡ ተጻወትቲ ሴቲት እውን ዝምሕራ ኣይነበራን። ብመንገዲ ካብ ኣከፋፋሊት ተጠቒሲመን ዝመጸ ዝበረ ኩዕሶ ኣብ ኸፍሲ ወሰፍ ጸወታ ነጥቢ ከመዝግባ ክኢለን እየን። ጸወታ ሚዛናዊ ኮይኑ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ብዚላል ሓምድ እትሰዕም ጋንታ ሴቲት ብደገፍታ ማማቓ መሪሕነታ ዓቢ ጸወታ ብምቅጻጻር ኣብ ልዕሊ እታ ነኺሳ ዝወዓለት ደምበ ሰምበል 25-ብ21 ወጽኢት ብምምዝጋብ ብድምር ወጽኢት 2-ብ0 ተዓዊታ ክትወጽእ ክኢላ።



ዝቐጸለት ጸወታ ኣብ መንጎ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ፈንቅልን ተስፋን እዩ ነይሩ። እዘን ጋንታታት ቀጣታት ተጻወትቲ እየን ኣኽቲተን ኣትየን። ፈለማ ቀዳማይ ዋና ድሕሪ ምጁሓ ደማ ጸወታ ብሓያል መጥቃዕቲ ገጢሰ። ኣብ ቀዳመይቲ ክፋል ጸወታ፡ ተጻወትቲ ፈንቅል ብዘደጋግሚ እያም ኣጥቂዖም፡ ከም ወጽኢቱ ድማ ንጸወታ ብመሪሕነቶም ክዛዝምዎ ክኢሎም።

ኣብ ካልኣይቲ ክፋል ጸወታ፡ ተጻወትቲ ተስፋ ንጸወታ ተቖጻጺሮም መሪሕነት ክሕዙ ምኽኣሎም፡ ብኣሰልጣኒኦም ዝተወሃቦም ምኽሪ ኣብ ግብሪ ዘውዓልዎ እያም ዝመስል። እንተኾኑ መሪሕነቶም ክዕቅቡ ኣይከኣሉን። ፈንቅላውያን ነጥቢ ኣመዛሪርዮም ንጸወታ ኣብ ረብሓኦም ብምውዳእ፡ ብጽቡብ ወጽኢት 25-ብ23 ብምስዓር ናይ 2-ብ0 ዓወት ከመዝግቡ ክኢሎም። እዘን ጋንታታት ብዘጸብረቕኦ ሓያል ናይ ውድድር መንፈስ፡ ካብ ኣፍቀርቲ ስፖርትን ኣለይቲንን ናእዳ ከውሕዛስን ክኢሉ እዩ።

ሳልሰይቲ ጸወታ፡ ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ ሕውትት ምስ ዛራ ዘካየድኦ ግጥም እዩ ነይሩ። እዚ ግጥም ካብተን ኣቐዲመን ዝተጻወታ ጋንታታት ዝሕል ዝበለ ምንቅስቓስ እዩ ተረእዩሉ። ጸወታ ከኣ ብዓወት ጋንታ ሕውትት 2-ብ0 ተዛዚሙ።

## ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ፈሊሙ

ብፌደረሽን ቅድድም ብሽክሌታ ዞባ ማእከል ንሰለስተ መድረኻት ዝተወደበ ውድድር ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 09 ሚያዝያ ኣብ ጎደና ኣፍጓቡት ከባቢ እንዳ ማርያም ከም ዝፈለመ ካብ ቤት ጽሕፈት ፈደረሽን ቅድድም ብሽክሌታ ዞባ ማእከል ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ዓበይትን ትሕቲ 23 ዓመትን ተቐዳደምቲ 110 ኪሎሜትር ንምሽፋን 79 ተቐዳደምቲ እያም ኣብ ማሰረዕ ተረኺቦም ውድድርም ጀሚሮም። ጉጅለታት ከመቓቕላን ክእከባን ድሕሪ ምውዳል ከኣ ዓበይ ጉጅለ ብዛዕባ እያ ቅጽበታዊ ውድድር ኣካይዱ፡ ተቐዳዳማይ ናህም መሃሪን (ሰምባ) ካብ ጋንታ (ደንደን) ኣብ ሰዓት 40 ኪሎሜትር እናረገጸ ንውድድሩ ብ02:46:27" ብምዝዛም፡ ቀዳማይ ኮይኑ ክዕወት ከሎ፡ ኣኽሊሉ ገብረሂወት ካብ ጋንታ (ሰምበል)፡ ኤቨን ረድኤን ሚልኪያስ ማእከለን (ኣሰበራ)፡ ኤቨን የማነ ካብ (ኤሪተል)፡ ዳዮናም ፍጹምብርሃንን ዓወት ክብሮምን ካብ (ኣሰበራ)፡ ፔጥሮስ መኮንን ካብ (ኤሪተል)፡ ዩኤል ኣስመሮምን ተማስገን ክብሮምን ካብ (ደንደን) ካብ 2ይ ክሳብ 10ይ ናይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊቦም።

ተቐዳደምቲ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዘካየድኦ ናይ 81.4 ኪሎሜትር ውድድር፡ ናይ ወልቂ ተቐዳዳሚት ቅሳነት ወልደሚካኤል ካብ (ሰራየር ሳዋ) 33.6 ኪሎሜትር ኣብ ሰዓት እናተሓንበበት ብ02:25'00" ቀዳመይቲ ኮይና ክትዕወት ከላ፡ ኣድያም ዳዊት (ደንደን)፡ ብርኽቲ ፍስሃ (ጋላ ኽፍሊ)፡ ፊቨን ሃይለ (ሰራየር ሳዋ)፡ የርዳኖስ ርእሶም (ደንደን)፡ ሚዛን ሃብተስላሰን ዊኒታ የማነን ካብ ጋንታ (ደቡብ)፡ ኤደን ተስፋሚካኤል ካብ (ሰራየር ሳዋ)፡ የሳን የማነ ካብ (ጋላ ኽፍሊ)፡ ኣድያም ኢሳቕ ካብ ጋንታ (ደቡብ) ከኣ ካብ 2ይ ክሳብ 10ይ ዝሎ ደረጃ ተማቒለናኦ።

81.4 ኪሎሜትር ንምሽፋን ኣንጊህም ውድድርም ካብ ዘካየዱ ተቐዳደምቲ ጅንያር ደቂ-ተባዕትዮ፡ ተቐዳዳማይ ርቢል ዳዊት ካብ (ሰምበል) ኣብ ሰዓት 40 ኪሎሜትር ብምርጋጽ ብ02:02:24" 1ይ ኮይኑ ክዕወት ከሎ፡ ተቐዳደምቲ ፍናን ግርማይ ብ(ወልቂ)፡ ሚሮን ምስግናን ርቢል ግርማይን ካብ (ደንደን)፡ ሳዶር ኢሰይያስ ካብ ሰምበል፡ ኬቨን ተኽለማርያም ካብ (ኤሪተል)፡ ኣቤል ገብረሂወት ብ(ወልቂ)፡ ናትናኤል ጎይትኦም ካብ (ኣሰበራ)፡ ኣቤል ተስፋማርያም ብ(ወልቂ)፡ ሰዋረ ሰመረ ካብ (ኤሪተል) ካብ 2ይ ክሳብ 10ይ ናይ መድረኽ ዓወት ከም ዘመዝገቡ ተፈሊጡ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ ብቐዳም 08 ሚያዝያ ኣብ ጸጸራት ከባቢ መቓብር ሓርበኛታት ተመሳሳሊ ውድድር ኣካይዶም ነይሮም።

ኣብ ክሊ ዕድመ 12-14 58 ተቐዳደምቲ እያም 30.6 ኪሎሜትር ንምሽፋን ኣብ ማሰረዕ ተረኺቦም ውድድርም ኣካይዶም። ናኦድ እዮብ፡ ዳዪሞን ሰለሙን፡ ተማስገን ኣስመሮም ሰለስቲኦም ካብ (ትጽቢት)፡ ሰም ሃይለን ሻም ኣማኑን ክልቲኦም ካብ (ሳሊና)፡ ፍረሰላም መሲ ካብ (ትጽቢት)፡ ሚልኪያስ ሻምበል ካብ (ሳሊና)፡ ሩፋኤል ሰመረ ካብ (ትጽቢት)፡ ናሆብ ሳሚኤል ካብ (ገዛባንዳ)፡ ሄኖክ ወረደ ብ(ወልቂ) ካብ ቀዳማይ ክሳብ ዓስራይ ኮይኖም ተዓዊቶም።

ቀጺሉም ውድድርም ዘየዱ ክሊ ዕድመ 15-16 እያም ነይሮም። 41.4 ኪሎሜትር ንምሽፋን ድማ 128 ተቐዳደምቲ ኣብ ማሰረዕ ተረኺቦም። ኣብ ዘካየድዎ መሳጢ ውድድር ከኣ፡ እዮቤድ ኤፍሬም ካብ (ጉዳይፍ)፡ የናታን ተስፋት ካብ (ሳሊና)፡ ሰናይ የውሃንስ ካብ (ጸጋዓት)፡ ሰናይ ተኽስተ ካብ (ትጽቢት)፡ ኣማኑኤል መሰረን ብሩኽ ንጉሰን ክልቲኦም ካብ (ጉዳይፍ)፡ ኣዶናይ ኣማኑኤል ካብ (ትጽቢት)፡ ሚልኪያስ ጸጋ ካብ (ጉዳይፍ)፡ ኬቨን የናስ ካብ (ሳሊና)፡ ኣሚኑዳብ ወልደየውሃንስ ካብ (ትጽቢት) ድማ ቀዳሞት ዓሰርተ ዕውታት ኮይኖም ኣለው።

43.2 ኪሎሜትር ካብ ዝሸፈና ተኣኪቲ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ተቐዳዳሚት ቤትኤል ክፍላይ ካብ (ጸጋዓት) ቀዳመይቲ ኮይና ክትዕወት ከላ፡ ሰዶና ሃብቶም (ሳዋ ኢትክለይ)፡ ሰልጣና ወልደሚካኤል (ሰራየር ሳዋ)፡ ራሄል ዑቕባይን ኣርሴማ ዓንደጽዮንን ክልቲኣን ካብ (ሳሊና)፡ ሰለሆም ገብረሂወት (ሰራየር ሳዋ)፡ ኤልዳና ተኽለማርያም ካብ (ጸጋዓት)፡ ቤትኤል ተስፋይ ካብ (ሳዋ ኢትክለይ)፡ ድያና እስማዔል ብ(ወልቂ)፡ ሚክሰብ ፍስሃ ካብ (ሳዋ ኢትክለይ) ካብ 2ይቲ ክሳብ 10ይቲ ናይ ቀዳማይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊበን።

ዓበይቲ ማውንቴን ባይክ ክሊ ዕድመ 17ን ልዕሊኡን 101 ተቐዳደምቲ እያም 54 ኪሎሜትር ንምሽፋን ኣብ ማሰረዕ ተረኺቦም። ኣብ ዘካየድዎ ሓያል ውድድር ድማ፡ ተቐዳዳማይ ናታን ሃብቶኣብ ካብ (ኣኽርያ)፡ ናይብ መሲ ካብ (ጉዳይፍ)፡ ናህም ቢንያም ካብ (ሳሊና)፡ መድሃኔ ሰለሙን ካብ (ኣኽርያ)፡ ናኦድ ወልደሚካኤል፡ ቶማስ ያቆብን ኣማር በኸርን ሰለስቲኦም ካብ (ትጽቢት)፡ ኢሰርም ያቆብ፡ ሬድዋን ከዲር፡ ንፍታሌም ኤፍሬም ሰለስቲኦም ካብ (ኣኽርያ) ካብ ቀዳማይ ክሳብ ዓስራይ ተመራሪሖም ውድድርም ዛዚሞም።

ኣብ መወዳእታ ውድድርም ዘየዱ ዩዝ ተቐዳደምቲ፡ ዳርጋ 63 ኪሎሜትር ንምሽፋን 29 ተቐዳደምቲ እያም ተወዳዲሮም። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ኤቨን ዳንኤል ብ(ወልቂ)፡ ዳንኤል መሓሪ ካብ (ንሰሪ)፡ ሱራፌል ታደሰ ካብ (ገዛባንዳ)፡ ያዕኤል ኤፍሬም ብ(ወልቂ)፡ ናትናኤል ተኽለሚካኤልን ኣቤል ኣኽሊሉን ክልቲኦም ካብ (ንሰሪ)፡ ኢሰርም የውሃንስ ካብ (ጉዳይፍ)፡ ኤቨን ፍስሃ፡ ዑቕባ ገብረሂወት፡ ሚሮን ተፈሪ ሰለስቲኦም ብ(ወልቂ) ተመራሪሖም ክሳብ ዓስራይ ኮይኖም ተዓዊቶም።



### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ግጥም ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ

ሊግ

ሰዓት 10:00 ምሸት

በንፊካ ምስ ኢንተር ሚላን

ማንቸስተር ሲቲ ምስ ባየር ሙኒኽ

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ቻይና፡ ኣብ ከባቢ ታይዋን ወተሃደራዊ ልምምድ ኣካዪዳ

ቻይና፡ ፕረዚደንት ታይዋን ጻይ ኢንግ-ወን ኣብ ኣመሪካ ዝኸየደቶ ዑደት ግብረ-መልሲ፡ ንምሃብ ኢላ ኣብ ከበቢ'ታ ደሴት ዝጀመረቶ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ትማሊ ሰኑይ'ውን ንሳልሳይ መዓልቲ ከምዝቐጸለቶ ተገሊጹ።

ኣብቲ ናይ ትማሊ ወተሃደራዊ መናውራ፡ ናይ ወግእ ነፈርቲን መራኽብን ቻይና፡ ኣብ ልዕሊ ኣገደስቲ ዒላማታት ናይታ ደሴት ክድኑብድጥን ኣብ ፍጹም ክርደና ከእትዋኣን ዘኽእለን ግብራዊ ናይ ተኹሲ ልምምድ ከምዝኸየዱ እዚ ድማ ነታ ደሴት ከበድ ሻቕሎት ፈጢሩላ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ታይዋን ትማሊ ሰኑይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ 70 ነፈርቲ ወግእን 11 መራኽብ ኩናትን ቻይና ኣብ ከባቢኣ ከምዝረኣየት፡ 35 ካብ'ተን ነፈርቲ ከኣ ናብ ክሊ-ኣየራ ጥሒሰን ከምዝኣተዋ ኣፍሊጣ።

ሓንቲ ካብ'ተን መራኽብ፡ ነፈርቲ እትሽከም 'ሻንዶንግ' ዝተሰምየት ደርማስ መርከብ ምዃና ዝጠቐሰት ታይዋን፡ ካብ ደንደስ ባሕራ ኣስታት 320 ኪሎ-ሜተር ጥራይ ርሒቓ ኣብቲ ወተሃደራዊ ልምምድ ክትሳተፍ ከምዝረኣየታ ኣመልኪታ።

ቻይና ነቲ ትማሊ ዝዛዘመቶ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ 'ጥሙር ጉራዴ' ዝብል ስም'ያ ሂባቶ።

ጻይ ኢንግ-ወን ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ካሊፎርንያ ምስ ኣፈ-ጉባኤ ባይቶ ኣመሪካ ኬቨን ማካርቲ ዘካየደቶ ርክብ፡ ንቤጂንግ ኣዝዩ ከምዘቖጥዓ ይፍለጥ።

ቻይና፡ እታ ብኣዱብዕቲ ምስ ዝቐጸራ ንኣሽቱ ሃገራት ጥራይ ወግዓዊ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ዘለዋ ታይዋን፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ፈጺማ ዘይትንጸል ኣካል ምዃና ብምግላጽ፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ብሓይሊ ክትልሕቓ ከምእትኽእል'ያ ከተጠንቅቕ ጸኒሓ።



## ቱኒዝያ፡ ኣባል 'ብሪክስ' ንምዃን ትውጥን



ብፋይናንሳዊ ሕጽረት ትሳቐ ምህላዋ ዝነገረላ ቱኒዝያ፡ ናብቲ ሓሙሽተ ዓበይቲ ሃገራት ዓለምና ዝሓቘፈ ቁጠባዊ ውድብ ብሪክስ (BRICS) ንምጽንባር ድሌት ከምዘለዋ ተገሊጹ።

ወኪል ኣገልግሎት ዜና ሩሲያ (RIA)፡ ንላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር ብምጥቃስ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝዘርግሖ ዜና፡ ቱኒዝያ ኣባል ናይ'ቲ ንሩስያ፡ ቻይና፡ ብራዚል፡ ህንድን ደቡብ ኣፍሪቃን ዝሓቁፍ ውድብ ንምዃን ትሓስበሉ ከምዘላ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ቱኒዝያ ካኢስ ሳዒድ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ነቲ ብሃገራት ምዕራብ ከምዝጸሎኦ ዝነገረሉ ኣህጉራዊ ማሕበር ገንዘብ ብትሪ ክነቕፎ ተሰሚዑ ነይሩ።

እቲ ፕረዚደንት ነቲ ኣህጉራዊ ፋይናንሳዊ ትካል ዝቕርቦ ዘሎ፡ ቱኒዝያ ኣጋጢሙዋ ዘሎ ከቢድ ሕጽረት ናይ ወጻኢ ሸርፊ ንምፍታሕ፡ ካብቲ ፋይናንሳዊ ትካል ኣስታት 2 ቢልዮን ዶላር ልቓሕ ንምርካብ ከተካይዶ ዝጸንሐቶ ዝርርብ ድሕሪ ምጉታቱ እዩ።


እቲ ናይ ልቓሕ ዝርርብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ታሕሳስ ናብ ስምምዕ ክስጋገሩ ተሓሲቡ እንተነበረ፡ ቱኒዝያ በቲ ማሕበር ገንዘብ ንክቐርበላ ናይ ቅድመ-ኩነት ጠለባት ከተማልእ ብዘይምኽኣላ ግን ከምእተጓተተ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሓደ ካብቲ ኣህጉራዊ ማሕበር ገንዘብ ንቱኒዝያ ኣቕሪቡላ ዘሎ ናይ ቅድመ-ኩነት ጠለባት፡ ኣብ ከም መግቢን ነዳዲን ዝኣመሰሉ መሰረታውያን ሃለኽቲ ሃገራት እትገብሮ ድጎማ ከተቋርጾ ከምኡ ድማ ንመጠን መሃያ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክትንክዮ ዝሓትት ምዃኑ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይጠቕሱ።

መጠን ዝቕባ ቁጠባኣ 10.3% በጺሑ ዘሎ ቱኒዝያ፡ ነቲ ኣብዚ ዓመት'ዚ ንድጎማ ሰሊዓቶ ዘላ 2.89 ቢልዮን ዶላር ባጀት ብ26.4% ክትንክዮ መደብ ከምዘለዋ እያ ትገልጽ።

## 'መጠን ሃብቲ ቢልዮነራት ዓለምና ነኪዩ' ተባሂሉ

ኣብዛ ዓለም ብዝዉንኡዎ መጠን ሃብቲ ኣብ ቅድሚት ተሰሪዖም ዝርከቡ 25 ቢልዮነራት፡ ኣብ ውሽጢ ዓመት 200 ቢልዮን ዶላር ከምዝኸሰሩ ተገሊጹ።



መርበብ ሓበሬታ 'ፎርብስ'፡ ንመጠን ሃብቲ ቢልዮነራት ዓለምና ኣብ 2023 ኣመልኪቱ ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኣብ ዝዘርግሖ ጸብጻብ፡ ድምር ሃብቲ ናይ'ዞም 25 ቢልዮነራት፡ ካብ 2.3 ትሪልዮን ናብ 2.1 ትሪልዮን ከምዝንቆልቆለ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብደረጃ ዓለም ቢልዮነራት ኰይኖም ዝጸንሑ 254 ሰብ-ሃብቲ፡ ብሰንኪ ኣጋጢሙዎም ዘሎ ክሳራታት ካብቲ ናይ ቢልዮነራት ደረጃ ከምዝወጹ፡ እቲ ጸብጻብ ሓቢሩ።

እቲ ጸብጻብ ወሲኹ፡ እቶም ተረፎም ዘለዉ 2,640 ቢልዮነራት ዓለምና'ውን እንተኾኑ፡ ብድምር 500 ቢልዮን ዶላር ከሲሮም ከምዘለዉ ኣመልኪቱ።

ብመሰረት ጸብጻብ ፎርብስ፡ መስራቲ ኩባንያ 'ኣማዞን' ጀፍ ቤዞስ፡ እቲ ዝዓበየ ክሳራ ኣጋጢሙዎ ዘሎ ብዓል-ሃብቲ እዩ። መጠን ሃብቱ ኣብ ውሽጢ ዓመት ጥራይ ብ38% (57 ቢልዮን ዶላር) ነኪዩ።

ወናኒ ኩባንያታት ቴስላን ትዊተርን ዝኾነ ኢሎን ማስክ እውን ካልኣይ ዝዓበየ ክሳራ ኣጋጢሙዎ ዘሎ ቢልዮነር ኰይኑ፡ መጠን ናይቲ ዝውንኖ ሃብቲ ኣብ ውሽጢ ዓመት ብ39 ቢልዮን ዶላር ኣንቆልቊሉ ኣሎ።

## ኩባንያ ቴስላ፡ ኣብ ቻይና ዓበይቲ ባትሪታት ዘፍሪ ፋብሪካ ክሃንጽ ወጢኑ

ብኣመሪካዊ-ካናዳዊ ቢልዮነር ኢሎን ማስክ ዝውነን ኩባንያ ቴስላ፡ ጸዓት ዝኽዝኑ ዓበይቲ ባትሪታት ዘፍሪ ሓድሽ ፋብሪካ ኣብ ከተማ ሻንግሃይ - ቻይና ክተክል ምዃኑ ኣፍሊጡ።

እቲ ፋብሪካ ስርሑ ምስ ጀመረ፡ ዓመታዊ ክሳብ 10 ሽሕ ሓባ ባትሪ ከፍሪ ክጅምር ምዃኑ ድማ ወሲኹ ሓቢሩ።

እዚ ኣብ ቻይና ክፈሪ ዝጀምር 'ሜጋፓክ' (Megapack) ዝተባህለ ኣዝዩ ገዚፍ ባትሪ፡ ነፍሲ-ወከፉ ክሳብ 3.9 ሜጋ ዋት ጸዓት ናይ ምዕዛን ዓቕሚ ዘለዎ ኰይኑ፡ ንመርበብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኣብ ምርግጋእን ኤሌክትሪክ ንኸየቋርጽ ኣብ ምክልኻልን ግቡእ እጃም ክህሉዎ ምዃኑ'ዩ እቲ ኩባንያ ዝገልጽ ዘሎ።

ኩባንያ ቴስላ፡ ከምዚ ዝበለ ፋብሪካ ድሮ ኣብ ካሊፎርንያ - ሕ.መ.ኣመሪካ ተኺሉ ከምዘሎን እቲ ፋብሪካ ዓመታዊ 10 ሽሕ ሓባ ባትሪ የፍሪ ምህላዉን ጸብጻባት የመልክቱ።

ብመሰረት ወኪል ኣገልግሎት ዜና ቻይና (ሺንህዋ)፡ መስርሕ ህንጻት ናይቲ ኣብ ሻንግሃይ ዝተኽሉ ፋብሪካ ባትሪ፡ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመት'ዚ ክጅመር ትጽቢት ኣሎ።

ቴስላ፡ ኣብታ ብደረጃ ዓለም ዝዓበየት ኣፍራዪት ባትሪታት ምዃና ዝንገረላ ቻይና ከምዚ ዝበለ ፋብሪካ ክተክል ምዃኑ ዝሕብር ዘሎ፡ መንግስቲ ኣመሪካ፡ ኣብ መፍረ ቴክኖሎጂያዊ መሳርሒታት ዝጥፉ ኩባንያታት ኣመሪካ ኣብ ቻይና ወፍሪ ንኸይገብራ ሓያል ጸቕጢ ኣብ ዘካይደሉ ዘሎ እዋን'ዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ካብ ፌደራላዊ መንግስቲ ምውላ ዝረኽባ ኩለን ኩባንያታት ቴክኖሎጂ ኣመሪካ፡ ንዝቕጽል 10 ዓመታት ኣብ ቻይና ናይ 'ምዕቡል ቴክኖሎጂ' መሳለጥያታት ከይሃንጻ ምምሕዳር ባይደን ኣጊዱወን ምንባሩ ይዝከር።

ኩባንያ ቴስላ፡ ኣብ 2019፡ ካብ ኣመሪካ ወጻኢ ኣብ ሻንግሃይ ናይ ፈለማ ፋብሪካ ከምዝኸፈተ፡ እቲ ፋብሪካ ሰሙናዊ 22 ሽሕ ተሽከርከርቲ የፍሪ ከምዘሎ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።



## እስራኤልን ግሪኽን፡ ወተሃደራዊ ስምምዕ ክቲመን

እስራኤል፡ ነታ ኣባል ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ዝኾነት ግሪኽ፡ ዋጋ 400 ሚልዮን ዶላር ጸረ-ታንኪ ሚሳይል ክትሸጠላ ዘኽእላ ውዕል ከምዝኸተመት ኣፍሊጣ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ትማሊ ሰኑይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ውዕል መሸጣ ናይቲ 'ስፓይክ' ዝተባህለ ሚሳይል፡ ንዝምድና ክልተኣን ሃገራት መለሱ ዘደልድል ምዃኑ ገሊጹ።

እስራኤል፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን'ውን ነታ ሓዳስ ኣባል ኔቶ ኩይና ዘላ ፊንላንድ፡ 'David's Sling' ዝተሰምየ ጸረ-ነፈርቲ ሚሳይል ብ345 ሚልዮን ዶላር ክትሸጠላ ተመሳሳሊ ስምምዕ ከምዝኸተመት'ዩ ክገልጽ ቀንዩ።

እቲ ሚሳይል፡ ባለስቲካውን ክሩዝን ሚሳይላት ኣብ ህዋ እንከሎ ኣኳሊሙ ብምውቃዕ ከበርዕናም ብቐዓት ከምዘለዎ'ዩ ዝንገር።

ተመራሒ ሚሳይል 'ስፓይክ' ድማ፡ ኣብ ዕጥቂ ሓያሎ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳን ኣባላት ኔቶን ዝርከብ ኩይኑ፡ በቲ ኣብ እስራኤል ዝመደበሩ ብመንግስቲ ዝውነን 'ራፋኤል' ዝተባህለ ወተሃደራዊ ኩባንያ ከምዝፈሪ ይሕበር።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ጃልያ | 11/4/2023 | ጎደና ሰገኤይቲ ቁ.84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ | 110680 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565